# መ ዝ ሙ ር ም ው ፋ ይ ሕ ጻ ን

# መዝሙር እምነት 102 ተመስገን ስለ ህያብ ሕጻን (ወዲ)

1. ተመስገን ዎ ኣምላኽና ኩሉ ዘድሊ ትህብ፡
   ካባኻ'ዩ ጽቡቕ ህያብ፡ ውሉድ'ውን፡
   ተቐቢልና ኣሎና ሓድሽ ህጻን ኣብዛ ቤት፡
   ከነዘንቱ ኢና ንናትካ ዕቤት።

ተደጋሚ፡- ተመስገን ተመስገን ስለ ግሩም ህያብ

ሕጻን ተመስገን፡ ደግፈና ንምዕባዩ ብመገዲ ጸሎት፡ ካባኻ ይመጽእ ኩሉ ረዲኤት።

2. ንዝሃብካና ሕጻን ናብ ሕቑፍኻ ነምጽኦ፡
   ፈቃር ኢድካ ዘርጊሕካ ከትባርኾ።
   ብጸጋን ብጥበብን ብቑመት ከተዕብዮ፡
   ንዓኻ መፍቀሪና ንውፍዮ።

   <u>ተደጋሚ፡-</u>

3. ንዝኣቶናዮ ኪዳን ብጸጋኻ ክንክእሎ፡
   ብሓጎስን ሽጋርን ክንዝክሮ።

ሃበና መንፈስ ቅዱስ ክንሕብሮ ናብ የሱስ፡
መታን ክሕሎ፡ ካብ ዘበለ ርኹስ።

ተደጋሚ፡-

4. ክብርቲ ማሕበርካ’ውን ተመስግን ተሓጒሳ፡
ግሩም ህያብ ነሕዋትና ዘበርከትካ።
ጽቡቕ ሰናይ ኣርኣያ፡ ደግፉ’ውን ክትኮኖ፡
ብተስፋ እምነት ፍቕሪ ከተብዕዮ። ሻ.ገ

## መዝሙር እምነት 103 ተመስገን ስለ ህያብ ሕጻን (ጓል)

1. ተመስገን ዎ ኣምላኸና ኩሉ ዘድሊ ትህብ፡
ካባኻ’ዩ ጽቡቕ ህያብ፡ ውሉድ’ውን፡
ተቐቢልና ኣሎና ሓዳስ ህጻን ኣብዛ ቤት፡
ከነዘንቱ ኢና ንናትካ ዕቤት።

ተደጋሚ፡- ተመስገን ተመስገን ስለ ግሩም ህያብ

ሕጻን ተመስገን፡ደግፈና ንምዕባያ
ብመገዲ ጸሎት፡ ካባኻ ይመጽእ
ኩሉ ረዲኤት።

2.ንዝሃብካና ሕጻን ነምጽኣ ናብ ሕቑፍኻ፡
ፈቃር ኢድካ ዘርጊሕካ ክትባርኻ።
ብጸጋን ብጥበብን ብቑመት ከተዕብያ፡
ንዓኻ መፍቀሪና ንውፍያ።
<u>ተደጋሚ፡-</u>

3.ንዝኣቶናዮ ኪዳን ብጸጋኻ ክንክእሎ፡
ብሓጎስን ሽጋርን ክንዝክሮ።
ሃበና መንፈስ ቅዱስ ክንሕብራ ናብ የሱስ፡
መታን ክትሕሎ፡ ካብ ዘበለ ርኹስ።
<u>ተደጋሚ፡-</u>

4. ክብርቲ ማሕበርካ’ውን ተመስግን ተሓጒሳ፡
ግሩም ህያብ ነሕዋትና ዘበርከትካ።
ደገፉ’ውን ክትኮና ጽቡቕ ሰናይ ኣርኣያ፡
ብተስፋ እምነት ፍቕሪ ከተብዕያ። ሺ.ገ

## <u>መዝሙር እምነት 104 ባርኾ ነዚ ሕጻን</u>

1. ንሕጻናት ይሁዳ ብሓጎስ ዝባረኽካ፡
ሕጂ’ውን ንዓ ባርኽ ብመንፈስካ፡
ተሎ ኢሉ ከለሲ ንዓኻ መድሓኒኡ፡
ክስዕበካ’ውን ወርትግ ተሓጒሱ።

ተደጋሚ፦ ባርኮ(2) ነዚ ሕጻን ብመንፈስካ
ባርኮ፡

ኣታ ምንጪ በረኸት ጥዑም
መፍቀር ሕጻናት፡
በረኸትካ'ፍስሰሉ ካብ ሰማያት።

2. መንግስትኻ ዘስፍሕ መሳርሒ ሰላምካ፡
ንዕዮኻ ዘስልጥ ሕሩይ ኣቕሓ፡
ዘሳግር ድሙቕ ብርሃን ካብ ድነ ሞት ጸልማትን፡
ግበር ዎ መንፈስ ቅዱስ ንልምን።
ተደጋሚ፦

3. ብሓጎስ'ውን ተመስገን እተፍቅራ ማሕበርካ፡
ጽቡቕ ህያብ ሕጻን ነሕዋት ዝሃብካ፡
ጽቡቕ ሰናይ ኣርኣያ ክንኮኖ ደግፈና፡
ብጽድቂ ከነዕብዮ'ውን ሓቢርና።
ተደጋሚ፦